# ኤርትራኸ ንኢትዮጵያ ዘስግእ ሓይሊ የብላን ማለት ድዩ?

ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገራ ጅሃዳዊ ውግእ ዝኣወጀ መጋብኢያ እስላማዊ ስርዓት ዝተባህለ ሶማላዊ ሓይሊ ምስ ጊዜዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ብምትሕብባር ደምሲሳ ንህዝቢ ሶማል ሃገሩ ብምቊጽጻር ኣብ ሰላምን ምርግጋእን ንኽበጽሕ መንገዲ ከም ዝኸፈተትሉ ዝሰሓት ኣይኰነን።
ኣብዚ ንሃገር ሶማል ሰጊራ ዝወሰደቶ ወትሃደራዊ ስጉምቲ ኢትዮጵያ ብዘይ ቑነኔ ሕብረተሰብ ዓለም ክትሓልፎ ዘኽኣላ ምኽንያት ከኣ እቲ ጉባኤ ኣስላማዊ ሓይልታት ሶማል ዓቕሙን ሓይሉን ብዘየገድስ ኣቐዲሙ ውግእ ጅሃድ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ስለዝኣወጀን ነቲ ዞባ ዝህውኽ ጅሃዳዊ ተሮሪስታዊ ዓላማ ስለዝነበሮን ኢትዮጵያ ምኽንያታ ነፍሰ ምኽልኻል ስለዝነበረ ምዃኑ ዝትሓትት ኣይኰነን።

ኣብዚ ንብዙሓት ኤርትራውያን ኮነ ኢትዮጵያውያን ዘከራኽሮምን ዘሕትቶምን ግን <u>ኤርትራኸ ንኢትዮጵያ ዘስግእ ሓይሊ የብላን ማለት ድዩ? ዝብል ኢዩ።</u> እቲ መልሲ ወትሃደራዊ ሓይሊ እንተኾይኑ ብርግጽ እወ የብላን ክበሃል ይኽእል እዩ። ንሃገረ ኢትዮጵያ ሰላምን ርግኣትን ሃልዩዋ ኣብ ምዕባሌ ሃገራን ድኽነትን ድንቊርና ህዝባን ምምሕያሽ ንኽይትዋፈር ናይ ምዕንቃፍን ንድሕሪት ምጉታትን እንተኾይኑ ግን ካብ ሶማል ንላዕሊ ንጅሃዳውያን ሶማል ኮነ ንቅንጅት ንኦነግ ኮነ ካልኦት ንስርዓት መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቃወሙ ሓይልታት እንተኽኣሉ ክግምጥሉ እንተዘይከኣሉ ግን ከዕገርግሩ ዝሰርሕን ዝቃለስን ዘሎ ስርዓት ኢሳያስ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኰነን። እሞ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ወሪሩ ንስርዓት እሰያስ ብምድምሳስ ነቲ ሰላም ሓሪሙዎ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ብውሑዳት ሽፋቱ ትኣሲሩን ትሓይሩን ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ንምሕጋዝ ኮነ ናይ ገዛእ ሃገሩ ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ዘይተበገሰሉ ምኽንያትሲ ከምቲ ናይ ሶማል ምኽንያት ዝኾኑዎን ዝመርሑዎን ጉልባብ ዝኾኑዎን ብቑዓት ተቓወምቲ ኤርትራውያን ስለዝሰኣነዶ ይኸውን? ወይሲ ከምቲ ገለ ሰባት ዝሓምዩዎ እቶም ካልኦት ዓበይቲ ንጉዳይ ኤርትራ ክፍታሕ ስለዘይደለዩዎ?

ንምዃኑኸ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወገን ሶማል ንዝመጸ ወራርን ተሮሪስታዊ ሽብርን ክስከፈሉን ክጥንቀቐሉን ከሎ ብወገን ኤርትራ ክመጽእ ንዝኽእል ሃይማኖታዊ ጅሃዳዊ ጠንቅታት ኮነ ኢሳያሳዊ ተሮሪስታዊ ሽበራ ከም ዘይመጸ ዝረኸቦ ውሕስነትን ምትእምማንን ኣሎዩ? ካብኡ ሓሊፉ ነቲ ብወገን ሰሜን ብኤርትራ ክመጸ ዝኽእል ጸገማትከ ንሃገሩ ንምክልኻል ኮነ ንኤርትራን ህዝባን ንምድሓን ሓሲቡሉን ተበጊሱሉን ንጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብዝለዓለ ደረጃ ርእዩዎን ንምፍትሑ ዝገበሮ ጻዕርን ድኻምን ይህሉዶ ይኸውን? ስርዓት እሰያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ኮነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዓመጽ ዝጀመረ ሎሚ ዘይኮነስ ንሓያሎ ዓመታት ጸኒሑ ኢዩ። ንሱ ብዜና ማዕከናቱ ኮነ ብኻልእ ስለያዊ መሓውራቱ ኣንጻር ኢትዮጵያ ጐስጓስ ካብ ዘካይድ ሓያሎይ ዓመታት ከነሱ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ብዘይካ ናብ ምዕባሌኦምን ስራሖምን ዘኪሮሞ እውን ኣይፈልጡን ኢዮም። እሞ እዚ ሎሚ ቅነ ብወገን መንግስቲ ኮነ ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ብዛዕባ ስርዓት እሰያስ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝገልጹዎን

ዝምህሩዎን ዘለዉስ ገለ ምኽንያትዶ ይህልዎ ይኸውን? ወይሲ ነቲ ብገለ ኢትዮጵያውያን ኮነ ኤርትራውያን ዝስማዕ ወቐሳ ንምሽፋን ኢዩ?

እዚ ክብል ከሎኹ ኣነ ከም ኤርትራዊ መጠን ሎሚ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ክትወራ እሞ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ እውን እንደገና ኣብ ውግእን ከልበትበትን ክኣቱ ስለዝደሊ ኣይኰነን። እንታይ ድኣ እቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ገለ ኣብቲ ሓላፍነት መንግስቲ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ዘለዉ ሰበስልጣን መራሕቲ ንኤርትራ ከም ጐረቤት ሃገር ጥራሕ ዘይኮነትስ ከም ዓዶም ከም ትብጽሖም ዝተወልዱላን ዝዓበዩላን ገና ስድራ ቤታቶምን ኣዝማዶምን ኣብ ዓዲታት ኤርትራ ዝሳቐዩን ዝዋረዱን ምህላዎም እናርኣዩን እናሰምዑን ናይ እንታይ ገደሰና ዝመስል ሽለልትነት ዘርእዩ ዘለዉ ስለዝመሰለኒ ኢዩ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያውያን ብፍላይ ከኣ ካብ ተጋሩ ኣሕዋቶም ዝደልዩዎ ወትሃደራዊ ሓገዝ ጥራሕ ኣይኰነን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ወሪዱዎ ዘሎ ባርነት ስርዓት እሰያስ ንኽላቐቕ ክሕግዘሉ ዝኽእል ብዙሕ መንገድታትን ምንጭታትን ኣሎ። ብወገነይ ኣብ ዓለም ብዙሕ ለውጢ ከም ዘሎን ገለ ሰብ ዘይሓሰቦን ዘይተጸበዮን ትኣምራት መሳሊ ምልውዋጥ ከም ዘርእዮን እኣምን እየ። ሓደ ካብኡ ከኣ **<u>ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ</u>** ትዓዊቱ ንኢትዮጵያ ካብ ፊዩዳላትን ዲክታቶራትን ነጻ ኣውጺኡ ፍረ ቃልሲ ወያኔ ሃገር ክመርሕ ምርኣየይ ኢዩ።

እዚ ቅድሚ ገለ ዓመታት ክሓስቦ ዘይኰነስ ክሓልሞ እውን ዘይክእል ዝነበረ ኢዩ። ግንከ ሎሚ ንዓይ ግሁድ ሓቂ ኢዩ። ዓለም ጽባሕ እንታይ ከም ትወልድ እውን ኣብ ኢድና ኣይኰነን። እሞ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንሃገሩን ንህዝቢ ኤርትራን ብምሕላይ ሎሚ እውን እቲ ስቕታ ክኣኽሎን ሽግር ኤርትራን ህዝባን ንምፍታሕ ክጽዕርን ክደክምን ከይተላቦኹ ክሓልፍ ኣይደልን። እዚ ማለት ግን ንሕና ኤርትራውያን ዘይተገደስናሉን ዘይተቓለስናሉን ዘይተሰዋእናሉን ሰላምን ራህዋን ብኢትዮጵያውያን ኣሕዋትና ይምጽኣልና ማለት ዘይኮነ ንሕና ክንቃለስን ክንዕወትን እንተኾይኑ እውን ምኽሪ፡ ምትብባዕ፡ ጥራሕ ዘይኮነ ካልእ ናታቶም ልዑል ተገዳስነትን ጻዕርን ድኻምን እውን የድሊ ንማለት ጥራሕ ኢዩ።

ፍትሒ መሓሪ
02/28/07